ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ንቤት ፅሕፈት ማይን ማኣድንን ኢነርጅን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ኣብ ዝተፈላለዩ ጣብያታት ዝስርሓ ናይ ሓባር ዒላ ንምስራሕ ካዕቲ ማእከሎት ጎዳጉዲ ከስርሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 27, 2010 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 15, 2010 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:https://tenders.milkta.com/ti/tenders/location/
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 15, 2010 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/

ብናይ ማይ ስራሕቲ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም ብናይ መደበኛ በጀት ዝጫረት ግልፂ ጨረታን ከምኡዉን ብናይ ልምዓት በጀት ፕሮፎርማ ደረጃ 6ተን ልዕሊኡን ክወዳደሩ ንዕድም ናይ ዕብየት ልምዓት ሕርሻ ዝካየድ ናይ ሓባር ዒላታት ፕሮፎርማ ድማ ደረጃ 8ተን ልዕሊኡን ዝኮንኩም ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክሰርሕ ስለዝደሊ ንዞም ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ረቋሕታት እተማልኡ ኮንትራክተራት ክትወዳደሩ ይዕድም

1. ናይ 2009 ዓም ግብሪ ከፈሊልኩም ናይ 2010 ዓም ንግዲ ፍቃድ ዝተሓደሰ ዘለኩም

2. መለለዩ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዘለኩም

3. ቫት ዝተመዝገብኩም

4. ናይ ወርሒ ሕዳር 2010 ዓም ሒሳብ ዘወራረድኩምሉ መረዳእታ

5. ተጫረቲ ዘይምለስ 50 ቅርሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 4 ክትወስዱ ትክእሉ

6. ንናይ ቤት ዕዮ ልምዓት ሕርሻ ናይ ጨረታ መክበሪ ብጥረገንዘብ ወይድማ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ሲፒኦ 10,000 ቅርሺ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዙ ኣለዎም

7. ንናይ ማእከሎት ጎዳጉዲ ጨረታ መክበሪ ብጥረገንዘብ ወይድማ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ሲፒኦ 15,000 ቅርሺ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዙ ኣለዎም

8. ተጫራታይ ሰዓሪካ ተባሂሉ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 5ተ ናይ ቅሬታ መዓልቲ ኣብ ዉሽጢ 3 መዓልቲ ዉዕል ክኣስር ዝክእል ከምኡዉ እዉን ከብቲ ዝሰዓሮ ጠቅለላ ዋጋ ንዳኣት ተጫረቲ 5 ሚኢታዊ ንደረጃ ን ደረጃ 6ተን ልዕሊኡን ድማ 10 ሚኢታዊ ከትሕዝ ዝክእል

9. ጨረታ 15 ጥሪ 2010 ዓም ሰዓት 4:00 ንጉሆ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ንጉሆ ይክፈት

10. እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ ኣመራፂ እንተረኪቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ ንዝበለፀ ሓበሬታ ሰነድ ጨረታ ይመልከቱ ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0345500005 ወይ 0345500231 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle